ፖድካስት ዝርግሐ ወይ ፈነወ ጽሑፍ

## መርመራ ደም ወለድ ረኽሲ UASCS

ኣብዚ ቀረባ እዋን ኩነታት ጥዕናኻ ዝረኣየካ ወይ ዝመርመረካ: ሓኪም ወይ ዶክተር ናይ ደም መርመራ ከተካይድ ርኢቶ ኣቕሪቡ። እቲ ዝካየድ ናይ ደም መርመራ ነዞም ዝስዕቡ ረኽስታት ዝምርምር ኢዩ: - ረኽሲ ሕማም ወይቦ ቢ፡ ረኽሲ ሕማም ወይቦ ሲ፡ ወዲሰብ ካብ ሕማማት ናይ ምክልኻል ዓቕሙ ዘማህምን ረኽሲ ወይ ቫይረስ (HIV)፡ ረኽሲ ሕማም ፍንጣጣ። ናይ ደም መርመራ ንምክያድ ወይ ዘይምክያድ ውሳኔኻ እኳ እንተኾነ፡ ነዚ መርመራ'ዚ ምክያድ ስለምንታይ ርኢቶ ወይ ለበዋ ቀሪቡ፡ ቅድሚ ምስምማዕካ እኹል ኣፍልጦ ክህልወካ ድልየትና ኢዩ።

<u>ረኽሲሕማምወይቦቢቫይረስእንታይኢዩ?</u>
ቫይረስ ወይቦ ቢ ሕበጥን ስእነት ግቡእ ስራሕ ጸላም ከብዲ (ነድሪ) ከስዕብ ዝኽእል ቫይረስ ኢዩ። እዚ ሕማም'ዚ ኣብ ጸላም ከብዲ በሰላ ዝገድፍን ኣብ ገለ ሰባት ሓደጋ ወይ ጠንቂ መንሽሮ ጸላም ከብዲ ከምዝውስኽ ዝገበር ሕማም ኢዩ።

<u>ረኽሲሕማምወይቦሲቫይረስእንታይኢዩ?</u>
ቫይረስ ወይቦ ሲ እውን ሕበጥን ስእነት ግቡእ ስራሕ ጸላም ከብዲ (ነድሪ) ከስዕብ ዝኽእል ቫይረስ ኢዩ። መብዛሕቲኦም በዚ ቫይረስ'ዚ ዝተጠቕዑ ሰባት ምጡን ዝኾነ መግዳእቲ ሕማም ጸላም ከብዲ የጓንፎም ወይ የጋጥሞም። ይኹን እምበር፡ ኣብ ገለ ሰባት ቫይረስ ወይቦ ሲ ካብ 20 ክሳብ 30 ዓመታት ጸኒሑ ከቢድ ማህሰይቲ ወይ መግዳእቲ ጸላም ከብዲ የስዕብ ኢዩ።

<u>ቫይረስሄችኣይቪ(HIV)እንታይኢዩ?</u>
ሄች ኣይ ቪ (HIV) ኣካላት ወይ ሰውነት ወዲሰብ ረኽሲ ናይ ምክኻል ዓቅሙ (ስርዓተ ምክልኻል) ብምጥቃዕ ኣብ ነዊሕ ግዜ ነቲ ጥዕናዊ ስርዓተ ምክልኻል ንዝተፈላለዩ ረኽስታት ንምኽልኻል ብምድኻምን ብምጥቃዕን ተኣፋፊ ከምዝኸውን ዝገበር ቫይረስ ኢዩ።

<u>ሕማምፍንጣጣእንታይኢዩ?</u>
ሕማም ፍንጣጣ ባክተርያዊ ረኽሲ ኮይኑ፡ ኣብ ዓበይቲ ፈለማ መቕሰልቲ ኣውሪዱ፡ ጸኒሑ ዕንፉሩር ብምስዓብ ሓፈሻዊ ምልክታት ዝገድፍ ሕማም ኢዩ። ብኣጋ ዘይተፈወሰ ሕማም ፍንጣጣ ኣብ ነዊሕ ዓመታት ን ብዙሓት ስርዓታት ኣካላትና ከቢድ ማህሰይቲ ብምውራድ ሞት ከኸትል ወይ ከስዕብ ይኽእል ኢዩ። ትውልዳዊ ፍንጣጣ (ኣብ እዋን ጥንሲ ህጻናትን ቆልዑን ካብ ኣዲኦም ዝመጽኦም ሕማም ፍንጣጣ) ኣብ ብዙሕ ስርዓት ኣካላት ማህሰይቲ ከውርድ ይኽእል ኢዩ። (ኝ ኣብነት ኣብ ሓንጎል፡ ኣዕጽምቲ፡ ኣስናንን ኣዕንትን)።

<u>እዞምዝተጠቕሱረኽስታትስለምንታይክህልውኻይኽእሉ?</u>
እዞም ዝተጠቕሱ ረኽስታት ዘለውዎም ህጻናትን ቆልዑን ኩሉ ግዜ ነዞም ረኽስታት እዚኦም ኣብ እዋን ጥንሲ ካብ ኣዴታቶም ዝወረስዎም ወይ ዝተመሓላለፍዎም ኢዮም ወይ ድማ ኣብ እዋን ወሊድ ዝመሓላለፉ ኢዮም። እዞም ረኽስታት እዚኦም ካብ ሰብ ናብ ሰብ ብ ስጋዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ኢዮም፡ ወይ'ውን ኣፋውስ ክትወስድ ከለኻ ሓደ ዓይነት መርፍእ ወይ መሳርሒ ምስ እትጥቀም ክመሓላለፉ ይኽእሉ። ሓኪምካ ወይ ዶክተርካ ምናልባት ናይዞም ረኽስታት እዚኦም ልዑል መጠን ካብ ዘለዋ ሃገር መጺእካ ከይትኸውን የተሓሳስቦ ኢዩ።

uasc health

<u>ኣብደምካረኽሲእንተደኣሃልዩካንምፍላጥብከመይጠቓሚይኸውን?</u>

ኣብ ምክልኻልን ምፍዋስን ሕማማት ረኽሲ ሕማም ወይቦ ቢ፡ ረኽሲ ሕማም ወይቦ ሲ፡ ረኽሲ ወይ ቫይረስ ሄች ኣይ ቪ (HIV)፡ ረኽሲ ሕማም ፍንጣጣ ዝተገብሩ ምምሕያሻት እዞም ዝተጠቕሱ ረኽስታት ዘለካን ዘይብልካን ንምፍላጥ ወይ ክዉን ርጉጽ ዝኾነ ረብሓታት ተረኺብዎም ኢዩ። ካብ ኣዴታቶም ብዝተመሓላለፎም ምኽንያት በዞም ሕማማት ረኽሲ ዝተታሕዙ ህጻናትን ቆልዑን ብገለ ካልኦት ምኽንያታት ንነዊሕ ዓመታት ኣብ ጽቡቕ ጥዕናዊ ኩነታት ክጸንሑ ስለዝኽእሉ ብረኽሲ ከምዝተታሕዙ ከይተገንዘብዎ ክጸንሑ ይኽእሉ ኢዮም። ስለዚ ነዞም ረኽስታት እዚኦም ክፍውሱ ዝኽእሉ፡ ሰባት ጥዕና ዘለዎ ሂወት ክመርሑ ዘኽእሉ ፍወሳታት ኣለዉ። ይኹን እምበር ብዘይ ምፍዋስን ምቁጽጻርን፡ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጥእቕሱ ኩሎም ናይ ረኽሲ ሕማማት ኣብ ልዕሊ ደቂ ሰባት ከቢድ ሕማምን ሞት'ውን ከይተረፈ ከስዕቡ
ይኽእሉ ኢዮም። እንተደኣ ረኽሲ ናይዞም ሕማማት ሃልዩካ ብተወሳኺ ን ካልኦት ሰባት
ከይተመሓላልፍ ወይ
ከይትልክም ልዑል ጥንቃቄ ክትገበር ምእንቲ በቲ ሕማም ከምዝተታሕዝካ ምፍላጥ ኣገዳሲ ኢዩ። ካብዞም ዝተጠቕሱ ናይ ረኽሲ ሕማማት ካብ ሓደ ንላዕሊ ኣብ ሓደ እዋን ክህልወካ ከምዝኽእል ንሰባት ዘይልሙድ ኣይኮነን። ስለዚ ድማ ኢና ናይዞም ኩሎም ኣርባዕቲኦም ረኽሳዊ ሕማማት መርመራ ከተካይድ ርኢቶ እነቕርብ ዘለና።

<u>ግብራውነትመርመራ</u>

ደምካ ንምውሳድ ብዶክተር ወይ ብነርስ ክትርአ ኢኻ። ውጽኢት መርመራ መብዛሕቲኡ ግዜ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ሰሙን ቅሩብ ክኸውን ኢዩ። ማእከል ሕክምናኻ ማለት GP ውጽኢት ናይ መርመራኻ ክሕበሮ ኢዩ። ብድሕሪ'ዚ ብዛዕባ ውጽኢት መርመራኻ ብኸመይ ክንገረካ ከምትደሊ ክትሕተት ኢኻ። ንኣብነት ብተለፎን፡ ብደብዳቤ ወይ ብኣካል ቀሪብካ ብዝመረጽካዮ ይንገረካ። ብዛዕባ እዚ ተቕርቦ ርኢቶ ወይ ዘሻቕለካ ነገራት እንተሎ ምስ ዶክተርካ ወይ ምስ ዝተመደበልካ ሰራሕተኛ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ክትዛተየሉ ይከእል ከምዝኾነ ብክብረት ንሕብረካ።

<u>ሓደካብዞምረኽስታትእዚኦምኣብደምካምስዝህሉእንታይከጋጥመካኢዩ?</u>

ሓደ ካብዞም ረኽስታት እዚኦም ምስ ዝህልወካ ኣብ ልዕሊ ኩነታት ጥዕናኻ ምቁጽጻር ወይ ምክትታል ምግባር ከድልዮ ኢዩ። ንገለ ካብዞም ረክስታት እዚኦም ፈውሲ ክርከበሎም ይከኣል ኢዩ። ኣብቲ ሕማም ፍሉይ
ክእለት ዘለዎ ሕክምናዊ በዓል ሞያ ወይ ዶክተር ምርኣይ ስለዘድልየካ፡ ነዚ ድማ ምምዕርራያት ክግበረሉ ኢዩ።

<u>ሕማምረኽሲከምዘለኒመንክፈልጥኣለዎ?</u>

ውጽኢት መርመራ ደምካ ኣብ ሞንጎኺን ኣብ ሞንጎ ዶክተርካን ብሚስጢር ክትሓዝ ወይ ክዕቀብ ኢዩ። ካልእ ብዛዕባ'ዚ ክፈልጥ እትደልዮ ሰብ እንተሎ እቲ ውሳኔ ናትካ ጥራይ ኢዩ። ይኹን እምበር ኩነታት ጥዕናኻ ንምቁጽጻርን ንምክትታልን ደገፍ ክህልወካ ኣገዳሲ ኢዩ። ስለዚ ብዛዕብኡ ምስ እትኣምኖ ሰብ ክትዘራረበሉ ወይ ክትዛተየሉ ትኽእል ኢኻ።

ደማዊ መርመራ'ዚ ምክያድካ ምስ ዑቕባ ምሕታትካ ዘተኣሳስር ወይ ዘተሓሕዝ ነገር የብሉን። ናይ ደም መርመራ ምክያድካን ዘይምክያድን ናትካ ውሳኔ ኢዩ። ንሕና ብወገና ብዛዕባ እዚ መርመራ'ዚ ከተካይድ ርኢቶ ወይ ሓሳባት መቕረቢኡ ምኽንያት እኹል ኣፍልጦ ክህልወካ ድልየትና ኢዩ። ናይ ደም መርመራ ክትገበር እንተድኣ ተሰማሚዕካ ነዚ ናይ ፍቃድ ሰነድ ወይ ፎርም ብኽብረትካ ምልኣዮ። እዚ ድማ ስለምንታይ መርመራ ይግበረልካ ኣሎ፡ ብዛዕባ እቲ ውጽኢት መርመራኸ እንታይ ክኸውን ኢዩ ወይ እንታይ ከጋጥም
ኢዩ፧ ከምዝተረድኣካ ዝሕበር ኢዩ።
የቐንየለይ

## CONSENT FOR BLOOD BORNE INFECTION TESTING

*To be completed by the examining health professional and retained within the young person's health record.*

Consent by the young person with capacity to consent is essential.
Does the young person have capacity to consent? Yes/No

*If not then consent will need to be sought from a senior social work manager (this is not the young person's social worker)*
Has the young person undertaken any of the following activity to support their understanding of blood borne infections and consent?

a) Read the printed leaflet Yes/No
b) Watched a Podcast on blood borne infections Yes/No
c) Conversation with their interpreter prior to the appointment Yes/No
d) Other information Yes/No

**Consent by the young person**

**I understand the need for a blood test to look for Hepatitis B, C, HIV and syphilis and I agree to the blood test. I understand that following this blood test I will be informed of the results and if there is a positive result I will be referred to a specialist doctor.**

ናይ ደም መርመራ ጠለብ ኣድላይነት ንሀፓታተስ/ወይቦ ቢ፥ ሲ፥ ኤች ኣይ ቪ፥ ፍንጣጣን መርመራ ከምዝኾነ እርድኣኒ ኢዩ። ስለዝኾነ ከኣ ናይ ደም መርመራ ክገብር ፍቃደኛ ኢየ። ዝገበርኩዎ ናይ ደም መርመራ መልሲ ተዋሂቡኒ ኣወንታዊ ውጽኢት እንተኾነ ከኣ ኣብ ፍሉይ ሓኪም ከምዝመሓላለፍ እርድኣኒ ኢዩ።

ክታም

| | |
|---|---|
| **Signature young person** | **Date** |
| **Signature of the interpreter** | **Date** |
| **Signature of the examining health professional** | **Date** |